






# Orientation to Ontario

1-855-626-0002
https://orientationontario.ca

## መጓዓዝያ

### ምዝዋር ተሽከርከርቲ


ኣብ ኦንታርዮ፡ ኣብተን ቀዳሞት 60 መዓልታት፡ ነቲ ኣብ መበቆል ሃገርካ ዝተዋሃብካዮ መምርሒ ፍቓድ ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ።

ናይ ኦንታርዮ ፍቓድ መምርሒ ተሽከርካሪት ንምርካብ፡ ንመንነትካ ዘረጋግጹ ሰነዳት ከተቕርብ ከድልየካ እዩ። ነቲ ኣብ መበቆል ሃገርካ ዝተዋሃብካዮ መምርሒ ፍቓድን ኣብ መበቆል ሃገርካ ንዝነበረካ ናይ ምዝዋር ተመኩሮ ዘመልክት መረጋገጺን ከተቕርብ'ውን ይግባኣካ።

ናይ ዓይኒ ወይ ናይ ርእየት ፈተና ክትገብርን ኣብ ትራፊካዊ ሕጊታት ዘለካ ፍልጠት ንምፍታሽ ኣብ ዝግበር ፈተና ክትሓልፍን ከድልየካ ይኽእል እዩ።


- ብዛዕባ ምርካብ ናይ ኦንታርዮ መምርሒ ፍቓድ ተሽከርከርቲ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብዚ ኣድራሻ'ዚ ተወከስ drivetest.ca
- ኣየኖት ሰነዳት ከምዘድልዩኻ ንምፍላጥ፡ ኣብዚ ኣድራሻ'ዚ ተወከስ findlink.at/licensing

ብዛዕባ ሕጋጋት ጽርግያ ኣብ ኦንታርዮ ዝምልከት ሓበሬታ ንምቕሳም፡ ኣብዚ ኣድራሻ'ዚ ተወከስ findlink.at/dhandbook




### መድሕን

ነፍሲ-ወከፍ ወናኒ መኪና መድሕን ክህሉዎ ኣለዎ። ኦንታርዮ፡ ኣብ ልዕሌኻ ንዝበጽሕ ጉድኣት ዝኸሕስ ወይ ዝሸፍን መደብ መድሕን (no-fault insurance) ኣለዋ። እንተድኣ ንስኻ ብሓደጋ መቑሰልቲ ኣጋጢሙካ ወይ መኪናኻ ጉድኣት ኣጋጢሙዋ ድማ፡ ናብቲ ናትካ ናይ መድሕን ኩባንያ ጥርዓን ተቕርብ። ናብቲ ናይ ካልእ መራሒ መኪና ኩባንያ መድሕን ግን ጥርዓን ከተቕርብ ኣይትኽእልን ኢኻ።



- ብዛዕባ ኣብ ልዕሌኻ ንዝበጽሕ ጉድኣት ዝሸፍን መድሕን ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምቕሳም፡ ኣብ Insurance Bureau of Canada (ቤት-ጽሕፈት መድሕን ካናዳ) በዚ ኣድራሻ'ዚ ተወከስ፡- ibc.ca



ናይ መድሕን ደላሎን ኩባንያታትን ኣብቲ Yellow Pages (ብጫ ገጻት) ንምርካብ፡ በዚ ኣድራሻ'ዚ ኣቲኻ ድለ yellowpages.ca

### ህዝባዊ መጓዓዝያ

ኣብ ኦንታርዮ፡ ብዙሓት ማሕበረሰባት ህዝባዊ ስርዓተ-መጓዓዝያ ኣለዎም። ናይ መጓዓዝያ ትኬታት ብንጽል ክትገዝእ ትኽእል ኢኻ፣ እንተኾነ፡ ንወርሒ ዘገልግለካ ወይ ብብዝሒ ናይ መጓዓዚ ትኬታት ንኽትዕድግ እውን ዝበዝሕ ግዜ ዝቐለለን ዝሓሰረን እዩ። ሓደ ሓደ ናይ መጓዓዝያ ስርዓታት፡ ንተማሃሮን ንዓበይቲ ሽማግለታትን ፍሉይ መጠን ክፍሊታት እዮም ዘኽፍሉ።

ብዛዕባ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ህዝባዊ መጓዓዝያ ዝምልከት ሓበሬታ ንምቕሳም፡ ነቲ ኣብ መጽሓፍ ወይ መዝገብ ቴለፎንካ (phone book) ዝርከብ Blue Pages (ሰመያዊ ገጻት) ፈትሾ፣ ወይ ድማ ኣብ Ministry of Transportation (ሚኒስትሪ መጓዓዝያ) በዚ ኣድራሻ'ዚ ተወከስ ontario.ca

ታክሲታት - ንብዓል ታክሲ ደዊልካ ክትጽዉዕ ወይ ድማ ታክሲ ንምርካብ ኣፕሊከይሽን ናይ ስማርትፎንካ (ቴለፎንካ) ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ። ኣብ ሓደ ሓደ ከተማታት፡ ኣብ ጽርግያ ብኢድካ ምልክት ብምግባር ታክሲ ደው ከተብል ትኽእል ኢኻ። መብዛሕትኦን ታክሲታት፡ ንዝተጓዓዝካዮ ርሕቀት ቀሚሩ ዋጋ ዝነግረካ ሜተር ዝተባህለ መዕቀኒ ኣለወን። ቅድሚ ሕሳብ ምኽፋልካ ድማ፡ ነዚ ሜትር'ዚ (ዋጋ ጉዕዞ ክንደይ ከምዝኾነ ዘርኢ መዕቀኒ) ብንጹር ክትርእዮ ይግባኣካ። ቅድሚ ታክሲ ተሰቒልካ ጉዕዞ ምጅማርካ፡ ግምት ናይቲ ዘኽፍለካ ክፍሊት ንምፍላጥ ነቲ ታክሲስታ (መራሒ ታክሲ) ክትሓቶ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ከባቢኻ ኣገልግሎት ታክሲ ንምርካብ ኣብቲ Yellow Pages (ብጫ ገጻት) ድለ ወይ ኣብዚ ኣድራሻ'ዚ ተወከስ yellowpages.ca

### Car and Truck Rentals (ክራይ ሰብን ንብረትን ዝጽዕና መካይን)

- ኣብቲ ናይ ቀዳመ-ሰንበት መዓልታት ወይ ንንውሕ ዝበለ ግዜ፡ ናይ ሰብ (ናይ ገዛ) መካይንን ናይ ጽዕነት ንእስ ዝበላ መካይንን ብመገዲ'ተን ብሕታውያን

Funded by / Financé par

Ontario

Immigration, Refugees and Citizenship Canada
Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada

ኣካረይቲ ኩባንያታት ኣቢልካ ክትካረ ትኽእል ኢኻ። ነቲ ዉዕል ቅድሚ ምፍራምካ፡ ተጠንቂቕካ ኣንብቦ። መካይን ዘካሪ ኩባንያ ንምርካብ፡ ኣብቲ ብጫ ገጻት ርአ ወይ ኣብዚ ኣድራሻ'ዚ ተወከስ yellowpages.ca

Car Share (ናይ ሓጺር ግዜ ክራይ መኪና) - ኣብ ዓበይቲ ከተማታት፡ ነቲ ካር-ሼር ወይ ምሽረኽ-መኪና ዝበሃል - መኪና ንሓጺር ግዜ ክትካረን ብ ዓታት ክትከፍልን ዘኽእለካ ኣገልግሎት ክትጽንበሮ ትኽእል ኢኻ። እዞም ኣገልግሎታት እዚኣቶም፡ እተን ናይ ክራይ መካይን ሰባት ዝሰቕላሉን ዘውርዳሉን ምቹእ ቦታታት ኣለዎ። ንሓጺር ግዜ መኪና ዘካርያ ኩባንያታት ንምርካብ፡ ኣብቲ Yellow Pages (ብጫ ገጻት) ርአ ወይ ድማ ኣብዚ ኣድራሻ'ዚ ተወከስ yellowpages.ca


## ምዝዋር ብሽክለታ

ሓደ ሓደ ማሕበረሰባት፡ ብብሽክለታ ንዝጓዓዙ ተጓዓዝቲ ተባሂሉ ዝተሓዝአ ወይ ዝተፈልየ ጸቢብ ጽርግያን ንሽርሽር ዘገልግሉ ናይ ብሽክለታ መገዲታትን ኣለዎም። ከም ዘዋሪ ብሽክለታ መጠን፡ ንኹሎም ሕጋጋት ትራፊክ ከተኽብሮም ኣለካ። ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾኑ ዘወርቲ ብሽክለታ፡ ናይ ብሽክለታ ቆቢዕ (bike helmet) ክወድዩ ኣለዎም።

ብዛዕባ ምዝዋር ብሽክለታን ድሕነትን ዝምልከት ተወሳ ኺ ሓበሬታ ንምቕሳም፡ ናብ Service Ontario (ኣገልግሎት ኦንታርዮ) በዚ መስመር ቴለፎን'ዚ ደዉል 1-800-267-8097 ወይ ድማ ኣብ Ministry of Transportation (ሚኒስትሪ መጓዓዝያ) በዚ ኣድራሻ'ዚ ኣቢልካ ተወከስ

### ኣገዳሲ መዘኻኸሪ

- መንነትካ ንኽፍለጥ፡ ናይ መምርሒ መኪና ፍቓድካ ምሳኻ ሓዞ።
- እቲ ናይ መድሕንን ናይ ዋንነትን ወረቓቕትኻ ኩሉ ግዜ ኣብ መኪናኻ ክህሉ ኣለዎ።
- ፈጺምካ ኣይትስተን ሰቲኻ መኪና ኣይትዘውርን።
- መኪና እናዘወርካ ቴለፎን ኣይትደዉል ወይ ናይ ጽሑፍ መልእኽቲ ኣይትጸሓሓፍ።
- ኩሉ ግዜ መቕነት ናይ መኪናኻ ዉደዮ።
- ንናይ ጽዕነት መካይንን ንሞቶር ብሽክለታታትን ፍሉይ መምርሒ ፍቓድ'ዩ ዘድልየን።



orientation to ontario
l'ontario c'est chez moi